# ፕሮግራም መኪና

ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ክትሰርሕ'ዶ ትደሊ?
ኣብ እናሓደረ ለውጢ ዘርኢ ጨንፈር ሙያ ተዋፊርካ ክትሰርሕ ትደሊ'ዶ?
ኣብ ተሸከርከርቲ ዘሎካ ተገዳስነት ከተዕምቖ ትደሊ'ዶ?
ድሕሪ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምውዳእካ፡ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር'ዶ ትደሊ?
ብዛዕባ ሃልሃል ዝብሉ እዋናውያን ክትዓት ከባቢ ተወሳኺ ፍልጠት ክህልወካ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም መኪና ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም መኪና መካይን ተዐሪ፡ ከመይ ጌርካ መካይን ዝተፈላለየ ዓይነት ስራሕ ከምዘሳልጣ ድማ ትመሃር። ንኣብነት ዘዋሪ ተጸዓኒት ወይ ቦጥ ወይ ከኣ ካልእ ንዓኻ ዘገድስ ዓይነት ስራሕ ትመርጽ። መዓልታዊ ናብራና ብዝተፈላለያ ዓይነት መካይን ከም ዝጽሎ'ሞ ሕስብ ኣብሎ፡ ማዕረ ክንደይ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዘጠቓልል ሰፊሕ ዓውደ-ስራሕ ምኳኑ ኪርድኣካ'ዩ።

ፕሮግራም መኪና እንዳተመሃርካ መዘወሪ ፍቓድ ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን በቶም ትወስዶም ዓይነት ኮርሳት እዩ ዚውሰን።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም መኪና እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። እንተደሊኻ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽሎ ትኽእል ኢኻ።

እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ከምእትደሊ ካብ ሕጂ ጀሚርካ ትፈልጥ እንተኾንካ፡ ነማኻሪ ትምህርትን ሙያን ተወኪስካ ብዛዕባ ዘድለዩኻ ዓይነት ኮርሳትን፡ ኣንፈት ትምህርትን ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም መኪና ዛዚምካ ክትረኽቦም ትኽእል ስራሓት ከም ሰራሕተኛ ጋራጅ፡ መካኒክ፡ ቀባኣይ (ላኬራረ)፡ ኀሚስታ (ዴክቴክኒከር) ክኢላ ማሽናት፡ መካኒክ በረራ፡ ሹፌር ተጻዓንቲ፡ ተክኒሻን ተጻዓንቲ፡ ዘዋሪ ዕፍሪት (ቢልክራንፎራረ)፡ ኣጓዓዚ፡ኪጥቀሱ ይኽእሉ።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም መኪና ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ፕሮግራም መኪና ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም መኪና ሓሙሽተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ስለዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም መኪና ዚመሃሩ ኪመርጽወን ይኽእሉ ማለት'ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዑ ካብ ክልተ ንላዕሊ ኣንፈታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

እተን ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ቴክኒክ በረራ - ነቶም ኣብ ምዕራይን ኣለይመለይን ነፈርቲ ኪሰርሑ ዚደልዩን ወይከኣ ነቶም ስራሕ ዝርከቦ ስፍሕ ዝበለ ቴክኒካዊ ትምህርቲ ዚደልዩ
- ካሮሰረያ - ነቶም ዝተበላሸዋ መከይን ኬዐርዩ፡ ኪሃንጹ ወይ ኪቐብኡ ዚደልዩ

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

- ዕረያ ማሽንን ተጸዓንትን - ነቶም ከም ተጻዓንቲ፡ ኣውቶቡሳት ወይ መካይን ሕርሻ ዝኣመሰላ ኬዐርዩን ኣለይመለይ ኪብሉ ዚደልዩን ወይከኣ ብንእስ ዝበላ መካይን ወይ ማሽናት ኪሰርሑ ዚደልዩ

- መካኒክ - ነቶም መካይን ውልቀሰባት ኬዐርዩን ኣለይመለይ ኪብሉ ዚደልዩ

- መጓዓዝያ - ነቶም ኣብ መዳያት መጓዓዝያ ኪሰርሑ ዚደልዩ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም መኪና እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠና'ዚ እታ ቤ/ትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓኻ ዚርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቐርቦ'ዩ። ብኡ ኣቢልካ ድማ ምስ ዝተፈላለያ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት ሌላ ትገብር። እዚ ርክብን ሌላን ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ ጨንፈር መኪና ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ'ውን ስራሕ ናይ ምርካብ ተኽእሎ'ሎ። ብቐሊሉ ስራሕ ትረክብን ዘይትረክብን እቲ ዝመረጽካዮ ኣንፈት ትምህርቲ'ዩ ዚውስኖ። ብዝሒ ኪርከብ ዚኽእል ስራሓት ብሓፈሻዊ ኩነታት ማሕበረ-ሰብ'ዩ ዚምዘን። ንኣብነት ኣብዘን ዚሓለፋ ዓመታት ኣብ መዳያት ትራንስፖርት ጽቡቕ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድል ጸኒሑ'ዩ። በንጻሩ ኣብ መዳያት ፋብሪካታት መስንዕ (ቲልቨርክኒን) ኣብዚ እዋን'ዚ ብዙሓት ስራሕ ዚሰኣኑ ኣለዉ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image